**ኣገዳሲ ሓበሬታ COVID-19**

እቲ**Department of Social and Health Services (ክፍሊ ማሕበራውን ጥዕናውን ኣገልግሎታት)** ይሕግዝ ኣሎ ኣብ ምክልኻልን ምምሕዳርን COVID-19። ኣዚና ኢና ንግደስ ብዛዕባ ጥዕናን ድሕነትን ዓማዊልና። ንኽተል ኣለና ናይ Governor Inslee *Stay Home, Stay Healthy ( ካብ ገዛ ኣይትውጹ። ጥዕናኹም ሓልዉ)* ትእዛዝ ከምኡ`ውን መደብ ሕውየት።

ናይ ነጻ ኣገልግሎታት ቋንቋ ኣለዉና። እቶም ኣገልግሎታት የጠቓልሉ ከም ኣስተርጎምትን ተርጎምትን፡ ከምኡ`ውን ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ብካልእ ዓይነት ቅርጽታት። እንድሕር ሓገዝ ደሊኹም ንክትውከሱ ኣገልግሎታትና፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ DSHS ኣብ **800-737-0617** ከምኡ ድማ ምረጹ ምርጫ 4፡ ብተወሳኺ ክትድውሉ ትኽእሉ ናብ **711** ንምርካብ Washington Relay Service።

ብኸመይ COVID-19 ጸልዩዎም ንናይ DSHS ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን?

**Aging and Long-Term Support (ምሽምጋልን ሓገዝ ነዊሕ- ግዜን)**

COVID-19 ኣዝዩ ሃሳዪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ንነበርቲ ትካላት ናይ ነዊሕ-ግዜ ክንክን። ካብ 12 ግንቦት ብምጅማር nursing homes (ኣረገውቲ ኽንክን ዘረኽብሉ ንእሽቶ ኣስቢዳለ)፡ assisted living facilities (ኣረገውቲ ወይ ሕሙማት ብሰራሕተኛት እናተሓገዙ ዝነብሩሉ ትካል) ከምኡ`ውን adult family homes (ኣረገውቲ ብኽንክን ዝነብሩሉ ገዛውቲ) ምብጻሕ ከልኪለን ኣለዋ። እቶም ሕግታት ኽቕየሩ ይኽእሉ ኢዮም ኣብ ግዜ`ቲ ለበዳ።

ክትርእዮም ትኽእል ኢኻ ነቶም ሕግታት በጻሒ ኣብ care facilities (ትካላት ክንክን) ብምኻድ ናብ ገጽ መርበብ [FamHelp](FamHelp)። ብተወሳኺ፡ እዚ ገጽ መርበብ ይዝርዝር ትካላት ክንክን ምስ`ቶም ዝተረኽቡ ጉዳያት COVID-19። እንድሕር ሕቶታት ኣለዉኹም ብዛዕባ long-term care facilities (ትካላት ክንክን ነዊሕ-ግዜ)፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ 888-856-5691። ካብ 6 ቅ.ቀ. ክሳብ 10 ድ.ቀ. ኢና ንሰርሕ።

እቲ Office of the Deaf and Hard of Hearing የገልግል ንጽሙማን፡ ንጽሙማንን ዓይነ-ስዉራንን ወይ ንናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ዓማዊል። ብተወሳኺ ምስ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ይሰርሑ። እንድሕር ክሰምዕ ዘይክእልን ሓገዝ ናይ ምርድዳእ ዘድልዮን ዓሚል ኣለኩም፡ ብኽብረትኩም ነቲ ቤት-ጽሕፈት ተወከሱ።

- ኢሜይል፥ [ODHHCOVID-19@dshs.wa.gov](mailto:ODHHCOVID-19@dshs.wa.gov)
- ተሌፎን፥ 360-338-6042
- ንTTY/TDD: 360-725-3455
- እንድሕር ናይ ድምጺ ደወልቲ በሪ TTY/TDD እንተዘይብሎም፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ 711
- [ገጽ መርበብ ODHH](ገጽ መርበብ ODHH)

**Behavioral Health Administration (ምምሕዳር ጠባያዊ ጥዕና)**

እቲ Behavioral Health Administration (ምምሕዳር ጠባያዊ ጥዕና) የገልግል ዓበይትን ህጻናትን ኣብ ሰለስተ ሆስፒታላት ሲኪያትሪ ክፍለ-ሃገር፡ the Special Commitment Center ከምኡ`ውን the Office of Forensic Mental Health Services።

ምብጻሓት ናብዞም ቦታታት ደው ኣቢልናዮም ኣለና ንምክልኻል ምስፍሕፋሕ COVID-19። ግቡእ ኣብ ዝኾነሉ፡ ንዓማዊልና ናይ ርሑቕ ኣገልግሎታት ቪድዮ ኣለዉና። ንክትሓቱ ብዛዕባ ፖሊሲ በጻሕቲ ወይ ካልኦት ሕቶታት፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ፥

- Western State Hospital – **253-582-8900**
- Eastern State Hospital – **509-565-4000**
- Child Study and Treatment Center – **800-283-8639**
- Office of Forensic Mental Health Services
    - Maple Lane – **360-664-4641**

- Yakima – **253-582-8900**
- Fort Steilacoom – **253-984-5651**

- Special Commitment Center – **253-588-5281, ext. 0095**

**Division of Vocational Rehabilitation (ክፍሊ ምያዊ ተሃድሶ)**

ነቶም ቤት-ጽሕፈታት Division of Vocational Rehabilitation (ክፍሊ ምያዊ ተሃድሶ) ዓጺናዮም ኣለና ንሕጂ።

- ኣማኸርቲ ኣገልግሎታትን ሓገዝን ክህቡ ኢዮም ብተሌፎን።
- ቁጽሪ ተሌፎን ንምሕዳሳት ኣገልግሎታት፥ **800- 637- 5627**

**Developmental Disabilities Administration (ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልናታት)**

ኮሪድዮታት ቤት-ጽሕፈት ዕጹዋት ኢዮም ንሕጂ። Fircrest School, Lakeland Village, Rainier School ከምኡ`ውን Yakima Valley School ኣየፍቅዱን ኣለዉ በጻሕቲ ኣብዚ ግዜ`ዚ። ብኽብረትኩም ደውሉ ናብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ቁጽርታት፡ እንድሕር ሕቶታት ኣለውኹም።

- ኣቐዲምና ፍቓድ ምስ እንረክብ ካብ ናይ DDA case manager፡ ንህብ ንኸውን ኢና ናይ ርሑቕ ኣገልግሎታት።
- ገምጋም ክካየድ ይኽእል ኢዩ ካብ ርሑቕ ከምኡ ድማ እቲ እዋን ናይ ገምጋማት ክናዋሕ ይኽእል ኢዩ ጉዳይ ብጉዳይ መሰረት ብምግባር።
- ንኣገልግሎታት ኣብ ኣውራጃታት Island, King, San Juan, Skagit, Snohomish ከምኡ`ውን Whatcom ደውሉ ናብ፥ 800-314-3296
- ንኣገልግሎታት ኣብ ኣውራጃታት Clallam, Clark, Cowlitz, Grays Harbor, Jefferson, Kitsap, Lewis, Mason, Pacific, Pierce, Skamania, Thurston ወይ Wahkiakum ደውሉ ናብ፥ 800-248-0949
- ንኣገልግሎታት ኣብ ኩሎም ካልኦት ኣውራጃታት ደውሉ ናብ 800-462-0624

**Economic Services Administration (ምምሕዳር ቍጠባዊ ኣገልግሎታት)**

ቀለብ ቆልዓ፥ ኮሪድዮታት Division of Child Support (ክፍሊ ቀለብ ቆልዓ) ዕጹዋት ኢዮም ንሕጂ። ንክትረክብ ሓበሬታ ጉዳይ ወይ ንክትከፍል፡ ደውል ናብ **800-442-KIDS (5437)።** ኣስራሕቲ ክሕብሩ ዘለዎም ምስጓጓት ካብ ስራሕ ወይ ናይ ስራሕ ምዕጻው ክድውሉ ይኽእሉ ኢዮም ናብ **800-562-0479**።

ቤት ጽሕፈታት ማእከል ኣገልግሎታት፥ ዝተወሰኑ ኣገልግሎት ቀሩባት ኢዮም **ብቖጸራ ጥራይ። ትኽእሉ ኢኹም**፥

- ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም ካርድ EBT እንድሕር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ፖስታ ኣለኩም ወይ ዝተቐላጠፈ ተቐባልቲ መግቢ እንተኾይንኩም።
- ክትወስዱ ናይ ህጹጽ ኲነት ኣገልግሎታት ሓገዝ።
- ክትገድፉ ወረቐት-ዕዮ።

ማእከል መራኸቢ ኣገልግሎት ዓማዊል፥ ተወከሱ ኣገልግሎታት ብምድዋል ናብ **877-501-2233**። ትኽእሉ ኢኹም፥

- ከተመልክቱ ንጥቕምታት።
- ክትረኽቡ ሓበሬታ ጉዳይ ወይ ክትሕብሩ ለውጥታት።
- ክትመልኡ ናይ ብቕዓት ወይ ገምጋም ፍርቀ-ምርግጋጽ።
- ክትሓቱ ሓድሽ ካርድ EBT።
- ክትረኽቡ ጉዳይ WorkFirst ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ።

መራኸቢ WASHINGTON፥ ሰባት ክውከሱ ይኽእሉ ናይ ኦንላይን ኣገልግሎታት ብእንግሊዝኛ ወይ ስጳንኛ። ኪዱ ናብ WashingtonConnection.org ከተመልክቱ ንጥቕምታት፡ ክትመልኡ ገምጋማት፡ ክትሕብሩ ለውጥታት ከምኡ`ውን ክትረኽቡ ካልኦት ከባብያዊ ኣገልግሎታት።

Washington State Department of Social & Health Services

Transforming lives

<u>ኣረጋውቲ፡ ዓይነ-ስዉራን ወይ ኣካለ ስንኩላን ከምኡ' ውን ፕሮግራማት መወከሲ ኣገደስቲ ድሌታት፥</u> ናብ ካልእ እዋን ኣመሓላሊፍናዮም ኣለና ገምጋማት ስንክልና ABD ንሕጂ። ብተወሳኺ፡ ቀይርናዮም ኣለና ሕግታት ውክሳ HEN ከምኡ`ውን ደው ኣቢልና ገለ ዝጥለቡ ምክትታላት። ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ **877-501-2233** ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ጉዳያት HEN ከምኡ`ውን ABD።

<u>መሰረታዊ መግቢ፥</u> DSHS ካብ መጋቢት ክሳብ ግንቦት 2020 ወሲኹ ኣሎ ጥቕምታት መግቢ ነቲ ዝበዝሐ መጠን ዝፍቀድ ንነፍስ-ወከፍ ስድራ-ቤት። DSHS ንፈደራው መንግስቲ ንህጹጽ ኩነት ዝኾውን ተወሳኺ መግቢ ንናይ ነፍስ-ወከፍ ወርሒ COVID-19 ክሓትት ኢዩ።

- *Basic Food Employment and Training*፥ ኩሎም ፕሮግራማትን ኣገልግሎትን BFET ቅሩባት ኢዮም። መሸርኽቲ BFET ይቕርቡ ኣገልግሎታት ብተሌፎንን ኦንላይንን።
- *Abled-Bodied Adults without Dependents*፥ ጠለባት ስራሕ ናይ ABAWDs ኣይጥለቡን ኢዮም ንሕጂ። DSHS ክሳብ ሕጂ ይውከስ ኣሎ ድሌትን ተኽእሎን ናይ ምስታፍ ዘለዎም ሰባት።

<u>ገምጋማት ጥቕምታት፥</u> DSገምጋማት ብቕዓት ንሚያዝያ፡ ግንቦት ወይ ሰነ 2020 ክኾኑ ዝግብኦም ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣናዊሕዎም ኣሎ። ኣብ ሚያዝያ፡ ግንቦት ወይ ሰነ 2020 ክኾኑ ዝግብኦም ገምጋማት ፍርቀ-ምርግጋጽ ክውድኡ የብሎምን። ጥቕምታት ክቕጽሉ ኢዮም ክሳብ ስድራ-ቤትካ ኩሎም እቶም ካልኦት ብቕዓት የማልእዎም ክሳብ ዝኾኑ።

<u>ፕሮግራም ሓገዝ ገንዘብ ድንገት፥</u> DCDCAP ቅሩብ ኢዩ ንስድራ-ቤታት ከምኡ`ውን ቆልዓ ዘይብሎም ሰባትን። ዜጋ ክትከውን የብልካን። ሰባት ብቑዓት ይኾኑ እንድሕር ዘማልኡ ኮይኖም ናይ ኣታውን ጸጋን ደረታት ከምኡ`ውን ብቑዓት ኣይኮኑን ንካልኦት ናይ ገንዘብ ፕሮግራማት። ደውሉ ናብ **877-501-2233** ንዝያዳ ክትፈልጡ።

<u>OFFICE OF REFUGEE AND IMMIGRANT ASSISTANCE (ቤት-ጽሕፈት ሓገዝ ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን)፥</u> ORIA ንስደተኛታትን ዑቕበኛታት ንዝሕግዙ ፕሮግራማት ኣለዉዎ ምስ፥

- ስራሕ ምድላይን ምስልጣንን።
- ሓገዝ ስደት።
- ምኹስኳስ መንእሰያት።
- ደገፍ ንኣረገውቲ ስደተኛታት፡ ህጻናት፡ ተማሃሮ ከምኡ`ውን ካልኦት።
- ልሙዳት ፕሮግራማት ክፉታት ኢዮም ብርሑቕ ኣብ ግዜ COVID-19። እቲ ቤት-ጽሕፈት ሓደሽቲ ኣገልግሎታት ኣለዉዎ ዝሕግዙኹም ከተመልክቱ ንስራሕ ወይ ንሽቕለት-ኣልቦነት፡ ዝድግፉ ንትምህርትኹም ከምኡ`ውን ዝሕግዝኹም ኣብ ምርካብ መንበሪ። ብቕዓት Refugee Cash Assistance and Refugee Medical Assistance ተናዊሑ ኣሎ ናብ 30 መስከረም 2020።
- ንኣገልግሎትን ዝያዳ ሓበሬታን፡ ደውሉ ናብ **360-890-0691**።

<u>ግዝያዊ ሓገዝ ንስኡናት ስድራ-ቤታትን/WORKFIRST፥</u> ናይ TANF ናይ 60 ኣዋርሕ ምንዋሓት ገደብ ግዜ፡ ሕጂ የጠቓልል ሽግር ብሰንኪ COVID-19።

- ጠለባት WorkFirst ንሕጂ ደው ኢሎም ኣለዉ። ዓማዊል ክቕጽሉ ይኽእሉ ኢዮም ምስታፍ፡ ይኽእሉ እንተኾይኖም።
- መቕጻዕትታት WorkFirst ንሕጂ ደው ኣቢልናዮም ኣለና። ብተወሳኺ፡ ምብጻሕ ሰራሕተኛታትና ናብ ገዛውትኹም ደው ኣቢልናዮም ኣለና።
- እንድሕር ተሳታፊ Community Jobs ወይ WorkFirst work-study (እናተማሃርካ ብፈደራላዊ መንግስቲ ዝቕረብ ናይ ከፊል እዋን ስራሕ) ኮይንካ፡ ከም ሰራሕተኛ ኮይንካ ኢኻ ትጸንሕ ከምኡ`ውን ክትክፈል ኢኻ ዋላ ክትሳተፍ ኣይትኽእል ብሰንኪ COVID-19።